## “ዱከኣሎ ኩሉ ዝከኣሎ ብዘይካ ብሽክለታ”

## “ኣንታ ባዓል ጂዛን ተኣለየለይ ንባዓል ሳሕል ክህባ ጓለይ”

ብዶር. ዮዉሃንስ ሃይለ

ኣነ’ውን ከምሻሙ ንፉዕ ሸቃጣይ ምኾንኩ ኔረ። ሓሳበይ ክሸዱጥ ይደሊ።ንሃገርን ህዝብን የርብሕ’ዩ ኢለ ዝኣመንኩሉ ሓሳብ ኣብ እዝኒ ብዙሓት ክበጽሓለይን፤ ኣብ ኣእምሮኦም ክሰኳዕን ይደልዮ። ብዛዕባ ምሻጥ ዘረባ ካብ ተላዕለ ግን፤ ዓብደላ ትዝ ይብለኒ። መንእሰይ ዓብደላ፤ ወዲ ከባቢ ኣቑርደት ኮይኑ፤ ኣዚዩ በሊሕ፤ ፍሽኽታን ዋዛን ዘይፍለዮ ሃገራዊ ኣገልግሎት እዩ። ኣብ ምምሕዳር በጦሎኒ ከም ማሕዮ ኮይኑ የገልግል ነበረ። ከምዝፍለጥ፤ ንኣሽቱ መንእሰያት ማሕዮታት ብመዛኑኦም ዝነዓቑ ኮይኑ ስለዝስመዮም፤ ወይ’ውን ብመዛኑኦም ስለዝዝለፉ፤ ቁሩብ ጉብዝ ምስበሉ ኣብ ስራሕ ማሕዮ ኣይቆሙልካን’ዮም፤ ናብ ሓይልታት’ዮም ዝኸዱ። ዓብደላ ግን ናብራ ሓይልታት ጢዒሙ ስለ ዝመጸ፤ ማሕዮነት ብዕቱብ’ዩ ሒዙዎ።ካለኦት ኣባላት ኣብቲ ንሱ ዝሰርሖ ንጥፈታት ማሕዮ ክሕግዙ እንተፈቲኖም፤ “ኣብ ስራሕና’ባ ኣይትእተዉና” ይብሎም ኔሩ። እቲ ጸገም ናይ ዓብደላ ግን ምስ ኣዛዚ በጦሎኒ ኣዱቋዶን ኔሩ። ጦፍ፤ ማለት ብስራሕ ተላኢኹ ናብ ድፉዕ ወይ ናብ እዚ በጦሎኒ እንተኸይዱ ከይሓደረ’ዩ ዝምለስ። ምስ ኣዛዚ በጦሎኒ እንታይ ኣባኢሱኩም ኢልካ ምስትሓቶ፤ “ባእሲ የብልናን፤ ጸገምና ክልቴና ሸየጥቲ ዘረባ ስለዝኾንና፤ዘረባና ብሓንሳብ ክንሸዱጥ ስለእንደሊ እዩ” ዝብል መልሲ ዱህበካ። ስለዝኾነ ከኣ ዓብደላ፤ ናብ’ቲ ሕክይኡ ብዘይ ውድድር ዝሸጠሉ ዕሙር ዕዳጋ ክፍልታት በጦሎኒ ከይወዓለ ከይሓደረ ዱምለስ ነበረ።በዚ ኣጋጣሚ፤ ዓብደላ ብህይወቱ ክህሉ ምንዮተይ ወሰን የብሉን። ከም ዓብደላ ሓሳብካ ኣበዱን ብኸመይን ትሸዱጥ ምፍላጥ’ውን ንባዕሉ ብልሒ እዩ። ስለዝኾነ እምበኣር’የ “እተዉ…እተዉ! እተውውውታ ኣርሕቡ!” ዘስምዕ መወዓውዒ ኣርእስቲ ተጠቒመ ዘለኹ። ከሕልፎ ዝደለኹ መልእኽቲ ግን ክንዮ’ቲ ኣርእስቲ እዩ። እምበኣር ኣቲኹምን ኣርሒብኩምን፤ ኣቓልቦኹም’ውን ዝቃነኹም ትመስሉ’ሞ ናብቲ ቁውምነገር ከስግረኩም።

ከምዝፍለጥ ኣብ መጀመርታ “ናጽነት” ኤርትራ፤ተጋዳላይ ካብ በረኻ ንዓዲ ክኣትው እንከሎ፤ ዓቕኑ ዝሓለፎ፤ መብዛሕቱ’ውን ካብ ክውንነት ዝረሓቐ ርእሰ-ምትእምማን ይውንን ኔሩ።ኣብ ርእሲ መብዛሕቱ ተጋዳላይ፤ ካብ ምትኳስ ክሳብ ንዓለም ብምልእታ ምምሕዳር ንተጋዳላይ ዝእግሞ ኣምበይነበረን። ኣቐዲሙ’ውን “ዱከኣሎ ኩሉ ዝከኣሎ” ተደሪፉሉ ኔሩ እዩ። ኣብ ሕብረተሰብና “ኩሉ ዝከኣሎ” ዝብል ኣምር ሰማያዊ ሓይሊ ኢዩ። እዚ መለኮታዊ ኣተሓሳስባ’ዚ ግን ኣብ ርእሲ ተጋዳላይ ጥራይ ተሓጺሩ ኣይተረፈን። ናብ ርእሲ መላእ ሕብረተሰብ ኤርትራ’ውን ዘሪቑ። ባህሊ ሳሕልን ቋንቋ ተጋደልትን ቀልጢፍና ሪዒምናዮ። ክብርታት ሕብረተሰብና ዳርጋ ብክብረታት ሳሕልን ገድልን ተተኪኡ፤ ብውሕዱ ተዳቒሉ ወይከኣ ተበሊሉ። ከምዚ ሎሚ ብትግርኛ ዝዛረብ ደርጊ ንግዛእን ንዘበነ ደርጊ ንናፍቕን ስለዘይመሰለና፤ ኩሉ ተረፍ ደርጊ ተጸዩንናዮ።ንዘመናት ዘናበረና ማሕበራዊ ክብርታትናን’ውን ምስኡ ጐሒፍናዮ።ኣዴታት ኤርትራ “ኣንታ ባዓል ጂዛን (ዴዛን) ተኣለየለይ ንባዓል ሳሕል ክህባ ጓለይ” ኢለን ደሪፈን። እዚ ንባዕሉ ረዚን መልእኽቲ እዩ ዘለዎ። ካብ ባዓል ንዋይ፤ እቲ ጥራሕ ጅቡኡ እንተኾነ ግን ክብርታት ሳሕልን “ናጽነትን” ሒዙ ዝኣተወ ተጋዳላይ ሰብኣይ ጓለን ኽኮነን መሪጸን። ኣብቲ እዋን’ቲ ኢና እምበኣር ኣነን የዕሩኽተይን፤ ኣብ ከባቢ ኣስመራን ደቀምሓረን ዝነበሩ ተጋደልቲ ኣዝማድና ብብሽክለታ ጌርና ንበጽሖም ዝነበርና። ሓደ ግዜ ኣብ

ቦርቦሬላ ዝነበሩ ተጋደልቲ ክንበጽሕ ምስከድና፤ ንዓና "ቀዳማይ ዓለም" ኢሎም ዝጽውዑዎ ዝነበሩ ጸባ በጽቢጾም ሂቦም፤ ብሽክለታታትና ግን ክላመዱለን ወሰድወን። ነቶም ውሑዳት ብሽክለታ ምዝዋር ዘይመልኩ ግን ጋዶ ኮይኑዎም።ብሕቘኦም ክዝውርወንን ክወድቁን ክልሕጸጹን ጀመሩ። እቲ "ዱከኣሎ ኩሉ ዝከኣሎ" ዝመጸዊዒኡ ተጋዳላይ ሓንቲ ዘይክእላ ነገር ከምዘላ ተገንዘቡ። ሽዑ እምበኣር' ዮም "ዱከኣሎ ኩሉ ዝከኣሎ ብዘይካ ብሽክለታ" ዝበሉ።ኣብ ካልእ ኣጋጣሚ ተባሂሉ ዝተደግመ'ውን ክኸውን ይኽእል'ዩ። ብድሕሪኡ ዝሰዓበ ታሪኽ'ዩ። ክብሪ ተጋዳላይ ባይታ ክዘብጥ ግዜ ኣይወሰደሉን። ተጋዳላይ ብህዝቢ ክብርን ተቐባልነትን ምርካቡ ዘስገኦ፤ ከምኡ'ውን ብተናጸል በብቐጸላ ፈልዩ ንምህራም ምእንቲ ክጥዕሞ፤ ናይ ሽዑ ዋና ጸሓፊ ናይ ሎሚ ህዝብን ሃገርን ኣብ ምጽናት ብዕቱብ ዝዓዪ ዘሎ ኣምባገነናዊ "መራሒ" ሃገረ ኤርትራ፤ ህዝብን ተጋደልትን ማይን ዘይትን ኣብ ምግባር ካብቶም ብቀዳምነት ዝሰርዑ እዩ። ክብሪ ተጋዳላይ ክንቆት ምስጀመረ ብዛዕባ ተጋደልቲ ብዙሕ'ዩ ተባሂሉ። ሓንቲ ካብ ብዙሓት፤ ቃል ንቓላ ጽቡቕ ጌረ ዘይዝክራ ዋዛታት ናይ ኣስመራ ከምዚ ዝስዕብ ትብል ኔራ፤ "ሓንቲ ኣረጊት ሰይ ቸንቶ (600) መኪና፤ ምስ ካለኦት ዘመናውያን መካይን ኮርሶ ተወዳዲራ ንኹለን ራሕሪሓተን ቀዳመይቲ ኮይና ተዓዊታ። በዚ ዝተገረመት ዓለም ነቲ ምስጢር ዓወት ክትፈለጥ ላዕልን ታሕትን በለት። ዳሓር ነታ መኪና ክፍት እንተበሉስ ኣብ ውሽጣ 3 ተጋደልቲ ጸኒሖም ዓወት ንሓፋሽ! ዓወት ንሓፋሽ! እንዳበሉ ካብታ መኪና ወጽዮም" ትብል ነበረት።እዚ ዋዛ'ዚ፤ ነቲ ኣቐዲመ ዝጠቐስኩዎ ካብ ክውንነት ዝረሓቐ ርእሰ ምትእምማን ንምግላጽ ዝተባህለ ይመስል። እዚ ዋዛን ቁውምነገርን፤ ነቲ ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ ዝነበረ ርድኢትን ኣተሓሳሳባን ናይ ህዝብን ተጋደልትን ንምንጽብራቕ፤ ከምኡ'ውን ነዚ ድሒሩ ዝስዕብ ሓሳበይ መንጸፍ ክኾነኒ ዝተጠቀምክሉ ደኣ'ምበር፤ንተጋዳይ ንምቁንጻብ ከምዘይኮነ ክትርድኡለይ ይምሕጸን።ብኣንጻሩ ኣብ ልዕሊኦም፤ ብዝያዳ ከኣ ኣብ ልዕሊ'ቶም ደኺምና ከይበሉ ምስ ንኣሽቱ ኣሕዋቶምን ደቆምን ኮይኖም ነቲ ዝተኾልፈ ቃልሶም፤ ማለት ንሓርነት ህዝቦም ዝቃለሱ ዘለዉ ተጋደልቲ፤ ልዑል ኣድናቖትን ኣኽብሮትን ከምዘለኒ ከስምረሉ እደሊ።

ብዝኾነ ግዜን ኩነታትን መምህር ስለዝኾነ፤ ምስ ግዜ ተጋዳላይ ዝኹእሎን ዘይክእሎን ከለሊ ክኢሉ እዩ። ድሕሪ 32 ዓመታት ደኣ ኮይኑምበር፤ ክቡር ተጋዳላይ ኣቶ ክብሮም ዳፍላ ብዕለት 20 ግንቦት 2023 ኣብ'ቲ ብስኒትና (Snitna.com) ዝተወደበ ኣኼባ መደርኡ፤ ኣብ መጀመርታ "ናጽነት" ካብ ሜዳ ክኣትዉ እንከለዉ፤ ህዝባዊ ግንባር ብዘይካ ምስ ኩናትን ውግእን ዝተኣሳሰር ካልእ ንሃገር ኣብ ምምራሕ ዘኽእል ብቕዓትን ክእለትን ከምዘይነበሮም፤ ምስናይ ትሕትናኡ ተናሲሑ።ግደ ሓቂ ንምዝራብ ግን፤ ካብ ጎቦን ስንጭሮን ኮረር-ኮረር ኢሎም ኦፊሳት ሒዞም'ምበር፤ መኣስ ካብ ዩኒቨርሲታት ተመሪቖም መጽዮም። እቶም ኣቐዲሞም ቀጽሪ ዩኒቨርሲቲ ረጊጾም ወይከኣ ተመሪቖም ንሜዳ ዝወጹ'ውን እንተኾነ፤ ንብዙሕ ዓመታት ኣብ ኩናትን ወተሃደራዊ ባህልን ተቖሪኖ ዝጸንሐ ሓንጎል ከይተሓደሰ እንኮሎ'ዩ፤ ናብ ሲቪላዊ ምምሕዳር ኣትዩ ህዝብን ሃገርን ከመሓድር ጀሚሩ። ብዝኾነ፤ ድሕሪ ናይ "ናጽነት" ፈንጠዝያ ብመጠኑ ናብ ኾውንነት እኳ እንተተመለስና፤ ሓንቲ ነገር ግን ኣብ ኣእምሮ ዝበዝሐ ህዝቢ ኤርትራ ተሰኺዓ ተሪፋ። ኣብ ዘመነ ገድሊ፤ ንተጋዳላይ ጥዩት ትቐትሎ ኣይመስለናን ኔሩ። ወተሃደራዊ ዓወት ኣስኪሩና ኔሩ። ድሕሪ መርድእ ናይ 65,000 መስዋእትን፤ ብዓሰርተታት ኣሻሓት ዝቜጸር ስንክልናን'ውን እንተኾነ፤ ኣበሳ ኩናት ጌና ኣይተረዳኣናን። ኩናት ከም ባህላዊ ውርሻ ወሲድናዮ ኣብ ዝኾነ ግዜን ቦታን፤ ምስ ዝኾነ ሓይሊ ገጢምና ሰዓርቲም'በር ክንሰዓር ከምንኽእል ኣብ ኣእምሮና ቦታ ኣይነበሮን። ኣብ 1998 ዓመተ ምህረት ብስም ባድመ ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራን ኩናት ምስተወለዐ፤"ወያነ ብሞያና መጽዮሙና" ተባሂሉ። "ዋርሳይ እዞም ሰባት መን'ዮም መንየ" ተዘዪሙ።ኩናትሲ የኣዪ ዑደት ኮይኑስ "ወያነ ጠባይ እንተዘይገይራ ኣብ ሓደ ረፍዲ መቐለ ክንኣቱ ኢና" ዝብል ኣተሓሳስባ ነጊሱ ነበረ። እንታይከ ዘይተባህለ! ዘይተጸዓድነትን ነቐፌታዊ ኣተሓሳስባ (critical thinking) መንእሰይ ኣብ ምጥፋእ ኣቐዲሙ ተሰሪሒሉ ስለዝጸንሐ፤ ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፤ መንእሰይ ከኣ

ብፍላይ፧ ተበገስ ምስተባህለ፧ ናበይ? ስለምንታይ? ዝብሉ ሕቶታት ከየቕረበ ኣብ ውሽጢ ሰዓታት ኣብ ኩሉ ድፋዓት ተረኺቡ። ኣነ'ውን ከም ኩሉ መንእሰይ ናይ'ዚ ኣተሓሳስባ'ዚ ግዳይ ስለዝነበርኩ፧ ክተት ምስተባሃልኩ ዓይነይ ኣይሓሰኹን። ሃገር እንፍዥን (infusion) ተተኺሉዋ እንከሎ ከመይ ጌረ ክማሃር ዝብል ኣጉል ኣተሓሳስባ ስለዝደረኸኒ፧ ዕድላት ናይ ማህደረ ትምህርቲ ንኤውሮጳ ገዲፈ፧ ከም "ሞት ሕጹይ" ቆርጢመያ ናብ ሓይልታት ምክልኻል ተጸንቢረ።

ኣብቲ ብልምዲ "3ይ ወራር" ኢልና ንጽውዖ ኣብ ግንቦት 2000 ዓመተ ምህረት ዝነበረ ኲናት፧ ካብ ድፋዓት ሸላሎን ማይቆቃሕን ተደፊእና ሩባ ተኾምብያ ሰጊርና ናብ ዳሰ ኣብዘምራሕናሉ እዋን፧ ብወገን ሻምብቆን ዓናጉለን ዝመጻ ካለኦት ኣሃዱታት ስለዝተሓወሳና መስመር ተኾምብያ - ባረንቱ ብሰራዊት ኣዕለቕሊቑ ነበረ። እዚ ኹሉ ሰራዊት የዝልቕ ድዩ ወይስ ቦታ ይቕዩር ዘሎ ንምርድኡ ኣሸገረና። ሰማያት ኤርትራ መዐንደሪ ናይ ኢትዮጵያ ናይ ኲናት ነፈርትን ሄሊኮፕተራትን ኮይኑ ምስተገንዘብና፧ ወዮ "ሙሉእ ዘይጉድል ሚሳይል ዓጢቕና ኣለና" ዝተባህለ ሓሶት ምዃኑ ተሰወጠና። ሓደ ካብ ላዕለዎት ሓለፍቲ ክፍለሰራዊትና፧ "ነዛ ሃገር መን ይመርሓ ከምዘሎ ምርዳእ ኣብዩና!" ኢሉ ከማርር ትዝ ይብለኒ። ኣብ ከባቢ ዳሰ ምስበጻሕና፧ ሓደ ካልእ ሓላፊ መዳዓዓሲ ዘረባ ተዛረበ። ጸልማት ለይቲ ስለዝነበረ ድምጹ'ምበር ምስሉ ዘይዝክሮ ሰብ፧ "ኣይትጉሃዩ! ናይ ኲናት ነገር ከም ጸወታ ኩዕሶ እግሪ እዩ። ሓንሳብ ትደፍኦም ሓንሳብ ዩደፍኡኻ" ክብል ይዝከረኒ። ብቐንዱ እቲ ዘረባ ናቱ ድዩ ወይስ ናይ ካለኦት ደጊሙ ኣይፈልጥን። እንተኾነ ግን፧ እዚ ኣበሃህላ ናይዚ ሓላፊ፧ ኣበሳ ኲናት ዕሸሽ ዝበለ እዩ ኔሩ። ኲናት ምስ ምድፍፋእ ናይ 90 ደቓይቕ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ክመሳሰል ዝኽእል ባእታ ኣይኮነን።

ኲናት! ህይወት ሰብ'ዩ ቀለቡ፧
ኲናት! የሰንክልን ዓዲውዑል ዩገብርን፧
ኲናት! የዘኽትም፧
ኲናት! ፍቑራት የቁርርን የማእምንን፧
ኲናት! ወላድ መኻን ዩገብር፧
ኲናት! መጻኢ የጸልምትን ዕድላት የባኽንን፧
ኲናት! ቁጠባ ሃገር የዕኑን ምዕባለ ዩገትእን፧
ኲናት! ከባቢ ዩምርዝን የባድምን፧
ኲናት! ንዘመናት ዝቕጽል ስነኣእምሮኣውን ማሕበራውን ምዝንባላት የስዕብ፧
ኲናት!ኡፍፍፍ....... ኣበሳ ኲናትን በሰልኡን ዘርዚርካ ዝውዳእ ኣይኮነን።

ህዝቢ ኤርትራ በዚ ክፉእ ገጽ ናይ ኲናት ንልዕሊ 60 ዓመታት ተሳቒዩን ክሳብ ሕጂ'ውን ዩሳቐ'ሎ። ድሕሪዚ ኹሉ መከራ ግን፧ ህዝቢ ምስ ጸነተን ሃገር ምስ በረሰትን ደኣ ኮይኑምበር፧ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ኲናትን ስነ ሞጎት ሓይልን ዝጸንሖ ኣጠማምታ ዝተቐየረ ይመስል። ኣዴታት ኤርትራ፧ "ኣነ ዝደልየን ክልተ እየን: ደቀይ ኣብ ኢደይ ሰላም ኣብ ዓደይ" እንዳበላ ብዓውታ ምህልላአን ናብ ኣምላኽን የዕርጋ ኣለዋ። በሰልኡ ግን፧ ማለት ሳዕቤን ናይ'ቲ ኲናት፧ ንዘመናት ክቕጽል'ዩ። ኣብዚ ሕጂ ግዜ፧ ብዘይካ ጉጂለ ህግደፍን ካብቲ ሓዊ ሪሒቖም ኣብ ደገ ዝነብሩ ውሑዳት ኣዳኸርቱን፧ ህዝቢ ኤርትራ ኲናትን ወረ ኲናትን ክሰምዕ ኣይደልን'ዩ። እዚ ከም ኣውንታዊ ምዕባለ ተወሲዱ፧ ንኲናት ዝጽየን ወለዶ ኣብ ምፍጣር ዝያዳ ክኹስኮስ ይግባእ።

ኣብ ስነመጎት ኲናት ብዝምልከት፣ ስነኣእሙረኣዊ ቅኒት ህዝቢ ትግራይ’ውን ካብ ኣተሓሳስባ ህዝቢ ኤርትራ ዝረሓቐ ኣይጸንሐን። ብስም “ምኽባር ሕጊ” ዝፍለጥ ኣብ 2020 ዓመተ ምህረት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ኲናት ምስተኣወጀ፣ እቲ ኲናት ቅድሚ ምብርዑ ደው ኣብምባል ዝተወስደ ስጉምቲ እንተኔሩ ኣዚዩ ውሱን’ዩ። ብኣንጻሩ፣ “ኲናት ባህላዊ ጸወታና’ዩ” ዝብል ብሂል ይጋዋሕ ኔሩ። ብልሳን ውሑዳት ሰባት እኳ እንተወጸ፣ በጨቕታ ኣተሓሳስባ’ቲ ሕብረተሰብ ምኺኑ ኣይተረፎን። ድሒሮም “ሓመድ ልሒሶም” ተሲኦም ኣብ ኣፍደገ ኣዲስ ኣበባ ምስበጽሑ፣ እቲ ናይ ኲናት ወኒ ዝያዳ ገንፊሉ። ልክዕ ከምቲ ኣብ ድሕሪ “ናጽነት” ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ነጊሱ ዝነበረ ኣተሓሳስባ፣ ህዝቢ ትግራይን ሓይልታት ምክልኻሉን’ውን ብደቡብ ኣዲስ ኣበባ፣ ብሰሜን ከኣ ኣስመራን ባጽዕን ኣብ ሓደ ረፍዲ ብቐሊሉ ክተሓዝ ከምዝከኣል ከም ውሁብ ወሲድዎ ኔሩ። “ኣስመራ እንተዘይኣትየ ኣይትግራዋይን’የ” ኣዚሙ። ብድሕሪኡ ዝሰዓበ ኩነታት ግን ነዚ ህንጢዩነት ኲናት ቀልጢፉ ቀዂሩዎ። ብኲናት ዝፍታሕ ነገር ከምዘየለ መራሕቲ ትግራይ ብግቡእ ተገንዚቦም። ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት ሓይልታት ምክልኻል ትግራይ፣ “ነብስና ኣትሒት ኣቢልና ነዛ ሰላም ንቕበላ ኣለና። ናብ ልምዓት ከነድህብ ኢና” ክብሉ ተሰሚዖም። ነብስኻ ኣትሒትካ ንሰላም ምቕባል ጅግንነት እምበር ድኻም ኣይኮነን። ውዕል ሰላም ፕሪቶርያ ምቕባሎም ነቲ ዞባ ካብ ዳግማይ ህልቂት ኣድሒኖሞ። እቲ ውዕል ሰላም ኣብ መፈጸምትኡ ክሳብ ዝበጽሕ ክጽዕቱን ካብ መስመሮም ከይወጹን ከኣ ዒላቦ።ነቲ “ካብ ሩግኣ ደም ሩግኣ ጸባ ይበልጽ” ዝብል፣ ካብ ጽልእን ቂምን ነጻ ዝኾነ ልቢ ኣዴታት ትግራይ ቅርብ ኢሎም ክጸናጸኑ ይግባእ።ኣዴታት ትግራይ፣”ናፊቐ እንድየ ዕሸለይ፣ ኣላምንኒ ድንግለይ” ክብላ እንከለዋ፣ ከምኡ’ውን፣ “ኩሎም ደቂ ኣዳምየ ኩሎም ደቂ ሂዋንየ፣ማርያም ጉንዶ-ጉንዶ ኣይትዓርቅዮምን’ዶ” ዝብል ምህለላ እንዳዕረጋ፣ እግረን ክሳብ ዝምለጥ ኣብ ጽርግያታት ትግራይ ክኳዓዛ ክትዕዘብ እንከለኻ፣ ዝተፈራረቐ ስምዒታት ይወረካ። በቲ ዝወረደ ኣደራዕ ልብኻ ዝሰብር ሓዘን ይስማዓካ። ብኣንጻሩ፣ ልቦናኣንን፣ ዓሌትን ሃይማኖትን ዘይፈሊ ንቕሓተንን፣ ተስፋ የስንቐካ።

ብተመሳሳሊ፣መንፈስ ናይ ኲናት ኣብ ህዝቢ ኦሮሞን ኣምሓራን’ውን ካብቲ ካልእ ዝፍለ ኣይኮነን። ህዝቢ ሶማል ንልዕሊ 30 ዓመታት ብውግእ ሕድሕድ ተሓሚሱን ንድሕሪት ተመሊሱን’ዩ። ህዝቢ ደቡብ ሱዳን ሓዳስ ሃገር መስሪቱ ከብቅዕ ካብ ምቅትታል ሕድሕድ ኣየዕረፈን። ብቐንዱ ሱዳን ብዓባያ ጎነጽን ወተሃዳራዊ ዕልዋ መንግስትን ናይ ነዊሕ እዋን ሕላገታ ኮይኑ ጸኒሑ’ሎ። ሕጂ’ከኣ ህዝቢ ሱዳን ብዝኸፍአ መልክዑ ኣብ ሓደጋ ወዲቑ’ሎ። ብሓፈሻ ሃገራት ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣብ ክወጸኦ ዘይክእላ ዓዘቕቲ ተሸሚመን ኣለዋ። እቶም ነቲ ኲናት ዝውልዑን ዘሳስዩን መራሕቲ ግን ካብ ካልእ ፕላኔታት ብሃንደበት ዝነጠቡ ኣይኮኑን፣ ብቐንዱ ቡቕሊ ናይቲ ሕብረተሰብዮም። ስለዚ’ምበኣር እቲ ጸገም፣ ካብቶም መራሕቲ ዝምንጩ ዘይኮነስ፣ ብቐንዱ ኣብ ስነኣእሙሮኣዊ ቅኒት እቲ ሙሉእ ሕብረተሰብ መሰረት ዝገበረ እዩ።ኣብ ክንዲ ኣብ ጣውላ ኮፍ ምባል፣ ቃታ ምስሓብ (trigger happy) ዝሰልጦ ሕብረተሰብ ናይዚ ዞባ ዕጭኡ ተለኻኺምካ ምጥፋእ’ዩ። ስነመጎት ሓይሊ ናይ ምጥቃም ባህሊ፣ ናይ ነዊሕ ዘመናት ታሪኻዊ ሰረት ክህልዎ ከምዝኽእል ኣይሰሓትን’ዩ። ብዛዕባ ጥልቕ ዝበለ ታሪኻዊ ድሕረባይትኡ ዝምልከት ንተመራመርቲ ታሪኽን ስነ ሕብረተሰብን ገዲፈ፣ ነቲ ሓሳብ ዘጎልብት ፍርይ ፍርይ ዝበላ ክልተ ነጥብታት ክጠቅስ ኣፍቅዱለይ።

<u>1) ኣዘናትዋ ውዕሎ ጅግንነት</u>

ዳርጋ ኩለን ኣብቲ ዞባ ዘለዋ ሃገራት፣ ታሪኻዊ መዓልቲ ጀግንነት የብዕላ እየን። ንኣብነት ኣብ ኤርትራ፣ ናዶው እዝ ዝፈረሰሉ፣ ፈንቅል፣ ኣብ ኢትዮጵያ ከኣ ዓወት ዓድዋን ካለኦትን ዝኣመሰሉ ዓመት-መጸ ይበዓሉ ወይከኣ ይዝከሩ እዮም። ተዘክሮ ናይዞም ዝተጠቕሱ ውዕሎታት ክዝንቶ እንከሎ፣ ዓወትን ጅግንነትን ናይ ወገን ሓይሊ ጥራሕ’ዩ ዝንጸባረቕ። መድፍዓጂ ኣርፒጂ (RPG)፣ ታንኪ ናይ ጸላኢ ከቃጽል እንከሎ’ምበር፣ ብታንኪ ጸላኢ ተጨፍሊቑ

ኣምዑቱ ክፈስስ እንክሎ ኣይራኣይን'ዩ። መድፈዓጂ ብሬን፣ ጸላእቱ ክምንጥል እንክሎ'ምበር፣ ብጥዩት ጸላኢ ሓንጎሉ ክፈስስን ክወድቕን እንክሎ ዘሪኢ ምስሊ ብዙሕ ኣብቲ ትረኻ ኣይቀርብን'ዩ። ጽልኢ ንምዝራእ ዝዓለመ፣ ናይ ጸላኢ ሓይሊ ኣብ ልዕሊ ናይ ወገን ሓይሊ ሓደጋ ከምዘውረደ ዝትረኽ ፍሉይ ኣጋጣሚታት ከምዘሎ ኣይዘንጋዕኩን። ብሓፈሻ ግን፣ ናይ ወገን ሓይሊ ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ዓወት ክጎናጸፍ እንክሎ ዘሪኢ ምስላታት እምበር፣ ብጸላኢ ክዋረድ እንክሎ ወይከኣ ሬሳታቱ ድራር ኣሞራን ኣራዊትን ክኸውን እንክሎ ዘሪኢ ትረኻን ምስልታትን ኣይቀርብን'ዩ። እዚ ፊልም ዝመስል ትረኻን ምርኢትን እንዳሰምዑን እንዳተዓዘቡን ዝዓበዩ ህጻውንትን መንእሰያትን፣ ኣብ ኲናት ኣቲኻ ዝምወት ኣይመስሎምን'ዩ። ኲናት ከም እንኮ መፍትሒ ሽግር ስለዝወስድዎ፣ ዓቕመ ኣዳም ወይ ዓቕመ ሂዋን ኣኺሎም መራሕቲ ሃገራትውን እንተኾኑ፣ ጸገማቶም ብኹናት ክፈትሑ ጥራይ እዮም ዝህንደዱ። ንሰላም ምጽዋዕ ወይከኣ ኣብ ጠረጴዛ ኮፍ ኢልካ ብሰለማዊ ኣገባብ ሽግርካ ምፍታሕ ከም ድኽመት ይቖጽርዎ፣ ወይከኣ ኣብ ደም ምፍሳስ እንተዘይኣትዮም ካብ ዝሓለፈ ወለዶ ዝሓመቑ ኮይኑ ይስመዖም። ኣብዚ፣ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ፣ ዶር ኣቢዩ ኣሕመድ ከም ኣብነት ክጥቐስ ዩክኣል። ናይ ሰላም ኒሻን ተሸሊሙ ክንሱ፣ ኣይ-ሰሙን ኣይ-ሳልስቲ  ኣብ ልዕሊ ገዛእ ህዝቡ ኲናት ኣዊጁን፣ ብውጽኢት ኲናት ተጃሂሩን። ስለዚ እምበኣር፣ እቲ ሓቀኛ ውዕሎ ዘየንጸባርቕ ኣዘናትዋ ውዕሎ ኲናትን ጅግንነትን ሓደ ካብቲ ቀንዲ ጠንቅታት ምጥቃም ስነ-መጎት ሓይሊ ክጥቀስ ይከኣል'ዩ።ኣብ ዳሳት ህግደፍ ዝግበር መደረ ብምሉኡ ንስነ-መጎት ሓይሊ ዝድርዕ እዩ። ንህጻናት ወተሃደራዊ ክዳን ኣልቢስካ ወተሃደራዊ ቋንቋ ከምዝዛረቡ ምግባር፣ ብዛዕባ ጽልእን ኲናትን ኣብ ጭልቅዕ ኣእምሮኦም ምስትምሃር ሓደገኛ እዩ። ህግደፍ፣ነዚ ግናይ ተግባሮም "ወፍሪ ሎሚ ራህዋ መጻኢ" ኢሎም'ዮም ዝጽውዕዎ።

<u>2) ትሑት ደረጃ ንቕሓት ሕብረተሰብ</u>

ፍረድሪክ ዳግላስ ከምዝበሎ " knowledge makes a man unfit to be a slave" ወይከኣ "ፍልጠት ንወዲሰብ ካብ ባርነት ነጻ ይገብሮ"። ብዙሓት ሃገራት፣እንኮላይ ምዕራባዊ ዓለማት ውሽጣውን ግዳማውን ጸገማት ኣለወን። ይኹን'ደኣምበር፣ ፖለቲካዊ ሽግራተን ኣብ ጣውላ ኮፍ ኢለን'የን ዝፈትሐኦ፣ ካልእ ኣማራጺ'ውን የብለንን። ምኽንያቱ፣ ንቕሓትን ፍልጠትን ዝዓጠቐ ሕብረተሰብ ስለዘለወን፣ ባርያን መጋበርያን ፖለቲካውያን መራሕቲ ኮይኑ ብረት ኣልዒሉ ነንሕድሕዱ ክዋዳእ ፍቓደኛ ኣይከውንን'ዩ።ብኣንጻሩ፣ ካብ ንቕሓትን ፍልጠትን ዝተሓረመ ወይ ከኣ ካብ ፍልጠት ዝሸፈተ ሕብረተሰብ ሓደገኛ እዩ። መለኽቲ ስርዓታት፣ እቲ ዝመርሕዎ ህዝቢ ንቕሓትን ሓድነትን ከየጥሪ ኣበርቲዖም'ዮም ዝቃለስዎ። ንኣብነት፣ ስርዓት ኣስመራ ኣብ ምዕናው ስርዓተ-ትምህርትን ምቁን'ጻብ ሙሁራትን ተዓዊቱ እዩ።ስለዝኾነ ከኣ "ኣሓስ ምስ ሓራዲኤን ማይ ይሰትያ" ዝብል ምስላ ኣበዋት ብግቡእ ዝምጥኖ ሕብረተሰብ ኣፍሪና።ኣንጻር ሕልንኡ ዝቃለስ፣ሃገርን መራሒን ክፈላሊ ዘይክእል፣ ንጥፍኣቱ ዘቀላጥፍ፣መሰልን ተሓታትነትን ዘይፈልጥ፣ትርጉም ናጽነት ከይተረደኦ ዘኹድድ ህዝቢ ንዕዘብ ኣለና።
ኣብ ደምበ ፍትሒ'ውን እንተኾነ ደረጃ ንቕሓትና ጌና ትሑት'ዩ ዘሎ።"ፍትሒ ጎደለ ድኻ ተበደለ" ንብል፣ብኣንጻሩ ንባዕልና ፍትሒ ነጉድል። ደሞክራስያዊ መንግስቲ ክንተክል ንቃለስ፣ንባዕልና ተጻዋርነት ነጥፍእ።ህሉው ኣቃውማና እምበኣር ነጸብራቕ ኣተሓሳስባና እዩ። እዚ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ዝረአ ቅንጸላታት፣ ጽባሕ ኑግሆ ብቐሊሉ ናብ ደማዊ ጎንጺ ከምርሕ ዝኽእል'ዩ።ድሮ'ኳ ኣብ እስራኤል ንዕዘቦ ኣለና። ከምዚ ሕጂ ኣብቲ ዞባ ንዕዘቦ ዘለና፣ ውሑዳት ውልቀመለኽቲ ናብ ውልቃዊ ረብሐኦም ክጥቀምሉ ዘኽእል ባይታ እዩ።ብዙሕነት ሕብረተሰብ መዝሚዞም ወይ ከኣ ኣብ ነቓዓት ሕብረተሰብና ተወጢሖም ክስውዱ ዝደልዩ ከይነግሱ ጥንቃቐ የድሊ። ነዚ ዝገዝሞ ከኣ ሓፈሻዊ ንቕሓት ህዝቢ ብምʼብራኽ እዩ።

መሰረታውን ነባሪ ፍታሕ ናይዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ጸገማት እምበኣር:

<u>ሀ) ንኹናት ዝጽየን ሕብረተሰብ ምህናጽ፤</u> ንኲናት ዝጽየንን ኣብ ጣውላ ኮፍ ኢሉ መፍትሒ ዘናዲ ወለዶ ምፍጣር መሰረታዊ መፍትሒ እዩ። ቋንቋ ጅግና ቢተወደድ ኣብራሃ ዝዛረብ፤ማለት፤ "ፈታዊ ዘብዝሕ፤ምሕረት ዝገብር ጅግና" መንእሰይ ምፍራይ የድሊ።ንኹናት ተሓሲሙ ኣብ ዘተ ዝኣምን ሕብረተሰብ'ሞ ከመይ ኣቢልካ ክህነጽ ይከኣል? ብመሰረቱ፤ ውዕሎ ጅግንነትን ታሪኽን ናይ ዝሓለፉ ወለዶታት ክዝንቶ ኣገዳሲ እዩ። ይኹን ደኣምበር፤ ካብ ምቅንጃው ታሪኽ ወጺእና፤ ወድዓዊ ገምጋም ናይቲ ውዕሎ፤ እንኮላይ ድኽመታቱን ጌጋታቱን ክዝርዘር ይግባእ። ማዕረ-ማዕሪኡ ከኣ፤ **ብደረጃ እቲ ዞባ ዝበዓል መዓልቲ ምረት ኲናት ወይከኣ ኣበሳ ኲናት ዘንጸባርቕ ዓመታዊ ዞባዊ ንግደት ክጅመር ይግባእ።** ህጻናት እቲ ዞባ፤ መመሪጽካ ዝበዓል ዓወታት ወገን ጥራይ ዘንጸባርቕ ምርኢታት ጥራይ ዘይኮነስ፤ እቲ ክፉእ ገጽ ናይ ኲናት እንዳተማህሩ እንተዓብዮም፤ ንኲናት ዝፈርህን ዝጽየንን ወለዶ ክፍጠር ይከኣል'ዩ ዝብል እምንቶ ኣለኒ።ምኽንያቱ፤ እቶም ናይ ጽባሕ ፖለቲከኛታትን መራሕቲ ሃገራትን፤ ካብ ማእከል እዚ ንኡስ ወለዶ'ዚ እዮም ክወጹ።

<u>ለ) ንቑሕ ወለዶ ምፍጣር፤</u> ቻይናዊ ፈላስፉ ኩንፉይሹስ ከምዝበሎ፤ *"ንሓደ ዓመት እንተመዲብካ ሩዝ ዝራእ፤ ን10 ዓመታት እንተመዲብካ ገረብ ትኸል፤ ን100 ዓመታት እንተመዲብካ ከኣ ንቆልዑት ኣስተምህር"* ይብል።እዚ ኣበሃህላ'ዚ እምበኣር፤ ትምህርቲ ወይከኣ ፍልጠት መሰረታዊ ረቛሒ ምዕባለ ናይ ሓደ ሕብረተሰብ ምዃኑ የተንብህ። ኣብ ዞባና ኣንጸላሊዩ ዘሎ ጸገም፤ ብሓደ ወይከኣ 10 ዓመታት ዝቕረፍ ኣይኮነን። ሰለዚ፤ ንነዊሕ ዝጠመተ ጽዑቕ ወፍሪ ንቕሓትን ፍልጠትን ኣብ መንእሰያትና ከምዘድሊ ዘማትእ ኣይኮነን። ነብስሄር ስነ-ጥበባዊ ኣብራሃም ኣፈወርቂ'ውን እንተኾነ፤ "ኣተሓሳሰባና እንተሃብቲሙ ሽዑ'ዩ ድኽነትና ኣኽቲሙ" ኢሉ ዘዜመ፤ ልዑል ኣገዳስነት ንቕሓትን ፍልጠትን ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ ንምንጽብራቕ ምዃኑ ኣይሰሓትን።ስለዚ እምበኣር፤መንእሰይ'ዚ ዞባ፤ ንኲናት ዝጽየፍ፤ ቅዱስ ቅንኢ ሓዲሩዎ ናብ ምዕባለ ሳይንስን ቴክኖሎጂን ከምዘድህብ ኮይኑ ክዓብን ክኹስኮስን ይግባእ።ነዚ ዓላማ'ዚ ንምትርናዕ፤**ብደረጃ እቲ ዞባ ዝበዓል ዓመታዊ መዓልቲ ሳይንስን ቴክኖሎጂን ክግበር ይከኣል'ዩ።** ኣብዚ ዓውዲ'ዚ፤ እዞም ኣብ ወጻኢ ሃገራት ዘለና ዜጋታት ቀርኒ ኣፍሪቃ ብጥርኑፍ ዕዙዝ ኣበርክቶ ከነወፊ ይግባእ።

ኣብ መደምደምታ፤ ነዞም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለዉ ጸገማት ኣብ ምብዳህን ነባሪ ፍታሕ ኣብ ምንዳይን፤ኩሉ ዜጋ እጃሙ ከበርክት ይግባእ።ኣብ ሓደ ወይ ክልተ ሃገራት ጥራይ ዝግበር ወፍሪ ኣይኮነን።ብኩለን ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝምእከል፤ኣብ ሰላምን ምዕባለን ዝነጥፍ ሓደ ኣካዳምያዊ ትካል ኣቐምካ፤ንኣብነት፤ትካል ቀርኒ ኣፍሪቃ ንሰላምን ምዕባለን (East African Institute For Peace and Development) ዝብል ትካል ብምምስራት፤ ብማዕረ ኣብ ኩለን ሃገራት ክትግበር ዱከኣል'ዩ።ተመሳሳሊ ኣስማት ዘለወን ግን ከኣ ነዚ ዝድለ ዘሎ ዓላማ ዘየገልግላ ትካላት፤ ብውሑዱ ኣብ ኢትዮጵያን ሶማሊላንድን ከምዘለዋ ኣይዘንጋዕኩን።ርክብ ህዝቢ-ምስ-ህዝቢ ወይከኣ ምስ መንግስታትን ዞባዊ ምትእኽኻባትን ኣብ ዝግበረሉ ግዜ፤ እዚ ዛዕባ ብዕቱብ ክዝተየሉ ብትሕትና እምሕጸን።

ወደሓንኩም!!

ዶር. ዮውሃንስ ሃይለ

ኦታዋ ፤ ካናዳ

ሰነ 2024